## ነቲ ጸሊም ደበና መን ይቐንጥጦ? (3ይ ክፋል)

**እንታይ ከ ንኸፍለሉ ኣለና?**
**ምንጪ ሓበሬታ ኣሰና-ኦንላይን.ኮም**

*ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ኤርትራ ዘይምቅዳውን ምግምጋማዕን ተፈጢሩ፡ ዲሞክራስያዊ ለውጥን ትግባረ ቅዋምን ዝጠለቡ ሚኒስተራትን ኣባላት ባይቶን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ዝርከቡዎም ብ ‘ጉጅለ 15’ ላዕለዎት ሓለፍቲ ምስ ተኣስሩ፡ ስሩዕ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራትን ሃገራዊ ባይቶን ተሪፉ፡ ስሉሳዊ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታትን ኣዘዝቲ ስሪሒታት ዞባታትን እዩ ተተኪኡ። እንተኾነ እዚ’ውን ቀሳነት ኣየምጽአን። ኣብ ዝቐደሙ ክፋላት ከምእተገልጸ ኩለን ሚኒስትሪታት፡ ስርሒታትን ዞባታትን ወርሓዊ ጸብጻብ ስርሐን ናብ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ዜና ክልእካ ከምዘለወን፡ ንሱ ድማ ሳንሱር ገይሩ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ከመሓላልፎ ምዃኑ ብዕለት 16/04/2005፡ ብቑ.መዝ. 267.J.A.14.C.E.645፡ ሓደ ዘዋሪ መልእኽቲ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ተመሓላሊፉለን። እዚ ዝኸውን ዘሎ፡ እቲ ብብሪጋደር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ዝምራሕ ዝነበረ ብሃገራዊ ድሕነት ዝፍለጥ ማእከል ስለያን ሓበሬታን፡ ብሰላሕ መላሕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ‘ቲ ቀንዲ ሓለቓ ሓለዋ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝኾነ ኮሎኔል ተስፉልደትን ሃብተስላሴን፡ ጎናዊ ተቖጻጻሪኡ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ዜና ኣቶ ዓሊ ዓብዱን ምስ ወዓለ እዩ።*

**ሰናይ ንባብ ን3ይ ክፋል፦**

**ነቲ ጸሊም ደበና መን ይቐንጥጦ?**
**እንታይ ከ ንኸፍለሉ ኣለና?**
**3ይ ክፋል**

*ድባርዋ: ስሉሳዊ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዝባታትን ኣዘዝቲ ሲሪሒታትን*

ስሉሳዊ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን ኣዘዝቲ ስሪሒታትን ኣብ ድባርዋ ክካየድ ምዃኑ ቅድሚ ምሕባሩ ብመንገዲ ኮሎኔል ተስፉልደት ሃብተስላሴ ብቑጽሪ መዝገብ E.M.32.864.Y.08 ብድሮ ኩሉ ዝምልከቶ ኣብ እምባትካላ ክእከብ ዝሕብር ዘዋሪ መልእኽቲ ዝተመሓላለፈ። ብድሕሪ'ዚ ኢዩ ኸኣ ብቐጥታ ናብቲ ዝተመደበ ናይ ኣኼባ ቦታ ድባርዋ ጉዕዞ ኮይኑ ናብ ሱታፌ ኣኼባ ዝተመርሐ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ኣብዚ ናይ ሎሚ ኣኼባና ከነተኩረሎም መዲበዮም ዘለኹ ኣርእስትታ ኣብ ጥሙር ሕርሻን ትሕተ ቅርጽን ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ንምትግባር ብኣሜሪካ ዘጋጥመና ዘሎ ዕንቅፋትን ጉዳይ ሶማልን ኣፈታትሓኡን ኩነታት ደቡብ ሱዳንን ምስ ጫድ ዘሎ ምስሕሓባትን ኢጋድን ካቡኡ ክንወጺ ዝወሰድናዮ መደባትን ኣገባባትን ኣብ ዝተሞርኮሰ ክንዛተ ኢዩ መደበይ ቅድሚ ናብ ዝርዝራቱ ምእታወይ ብወገንኩም ከም ኣጀንዳ ክውሰኽ እትደልይዎ ዛዕባ እንተለኩም ከተመዝግቡ ዕድል ናባኹም ገዲፈዮ ኣለኹ። ሓሳብ ዘለዎ ሰብ እንተልዩ ዕድል ናባኹም ኢዩ፦
ቻርሊ መዝገባ ናባኻ ኢዩ፦

ወልደንኪኤል ገብረማርያም፦ ኣነ ሓደ ክምዝገበለይ ዝደልዮ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣለኒ ኣብዚ ኣልዒልካዮ ዘለኻ ኣርእስቲ ዘይተጠቕሰ ዝያዳ ዕድል እንተተዋሂቡ ኣብቲ ነጥቢኣ ትየ ክዝርዝሮ ኢየ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ግርም ሕራይ እንታዩ ክምዝገበልካ እትደልዮ ዛዒባ ዲዩ ዋላ እንታይ ኣይበርሃለይን ኣሎ ሓሳብካ ኣብርህ ኣቢልካ ዘርዝሮ፦

ወልደንኪኤል ገብረማርያም፦ ጽቡቕ ኣብዚ ኣልዕልካዮ ዘለካ ኣሪስቲ ዝኾነ ተቓውሞ ይኹን ተወሳኺ የብለይን: ግን ኣነ ከም ዛዕባ ሒዝና ክንዛረበሉ ደልየ ዘለኹ ነጥቢ እዚ ዝስዕብ’ዩ፦

ዛጊት ክሳብ ሕጂ ክንከዶ ዝጸናሕና ኣካይዳ: ወይ'ውን ከም መንግስቲ ሰሪሕናዮን ተግቢርናዮን እንብሎ ጉዳይ: ኣብ ዝርዝር ኣቲና ምስ እንምልከቶ: ዝተጨበጠ ሰሪሕና ክንብሎ እንኽእል ፍጻሜ: ንዓይ ዝርኣየኒ ነገር የለን።
ኣብዚ ንምብርሁ እንታየ ክብል ደለየ: ኣብ ቁጠባዊ መዳይ መነባብሮ ህዝብና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ካብ

ዝኸፍአ ናብ ዝኸፍአ ክሰጋገር እምበር: ብዝተጨበጠ መንገዲ ዘርኣናዮ ርኡይ ናይ መነባብሮ ለውጢ የለን። ጥሙር ሕርሻዶ እኩብ ሕርሻ ኢልና: ብጅካ ተነጽሎ ካብ ህዝቢ: ናብ ህዝቢ ዘጸጋዓና: ኣብ ጎኒ ህዝቢ ማዕረ ኮፍ ከብለና ዝኽእል: ስራሕ ኣይሰራሕናን። ስለዚ ንዓይ እዚ ጥሙር ሕርሻ ዝበሃል: ፋይዳኡ ወይ መኸሰቡ ብዓይኒ ህዝቢ ይራኣየኒ የለን: ብዘይካ ካብ ህዝቢ ክንጽለና።

ኣተሓሕዛናን ኣካይዳናን ምስ ሰራዊት'ውን: ውሑስ ኣይኮነን ዘሎ። እዚ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝንጸባረቕ ዘሎ ናይ ሰራዊት ምዕዝምዛም: ብኣግኡ ናይ መፍትሒ ልጓም እንተዘይተገይሩሉ: ከውርዶ ዝኽእል ሳዕቤን ኣብዛ ሃገር: ቀሊል ሳዕቤን ኣይኮነን። ኣብዚ ዝተሞርኮሰ'ውን: ኣተሓሕዛና ከመይ ክኸውን ኣለዎ? ዝተቐመጠ ሓሳብ ብዘይ ምህላዉ: ኣብ ከመይ ዝበለ መደብ ንዛተ ኣለና ክንጸረለይ ኣይከኣለን ዘሎ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ንሱ ዲዩ ዋላ ካልእ ኣለካዩ? እንታይ ኢኻ ክትብል ደሊኻ እኮ በጺሕናዮ ኣለና። ሰሚዕናካ ኣለና ካብ መደብና ከተውጸኣና ኣይትፈትን።

ወልደንኪኤል ገበረማርያም፦ ጌና እኮ ሓሳበይ ኣይወዳእኩን። ብዘይብኡ ኸኣ ኣነ ከም ዛዕባ ክምዝግበለይ እየ ዘቕርቦ ዘለኹ። ዛዕባ ከይጀመርናኽ ከመይ ኢለ ኢየ ካብ ዛዕባ ከውጻኣኩም? መጀመርያ ሓሳበይ ክውድእ ዘቕረብኩዎ ሪእይቶ ኸኣ ይምዝገብለይ። ክንዛረበሉ ዲና ክንገድፎ ኸኣ ንኣኼቤኛ ዕድል ተዋሂቡ ይውሰን ይመስለኒ። ስለዚ ሕጂ ኣነ ሓሳበይ ክውድእ ዕድል ይወሃበኒ፦

ኣስካሉ መንቆርዮስ፦ እዚ ከም ሓሳብ ዝወሪድ ዘሎ ኣይኮነን። ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ስለዚ ብኻልእ ኣጀንዳ ተታሒዙ ክዝረበሉ ኣለዎ።

ዓሊ ዓብዱ፦ ብዘይቡኡ ከም ሓሳብ ተባሂሉ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝቐረበ ወርሓዊ ጸብጻብ'ውን እንተኾነ: ከም ሪእይቶ ተመዝጊቡ ክሳብ ዘይቀረበ: ሃንደበት ከም ዛዕባ ተታሒዙ: ክዝረበሉ'ውን ግቡእ ኣሰራርሓ ስለ ዘይኮነ: ሃንደበት ሕጂ ከም ዛዕባ ተታሒዙ ክዝረበሉ: ሕጋዊ ኣሰራርሓ ስለ ዘይኮነ: ካብ ኣጀንዳና ወጻኢ እዩ። ስለ ዝኾነ ኣቐዲሙ ኣብቲ ወርሓዊ ጸብጻብ: ከም ሓሳብ ክቐርብ ኣለዎ። ስለዚ ናብ ዝቕጽል ኣኼባ ክሰጋገር ዘለዎ ነጥቢ እዩ።

ሜ.ጀ. ፊሊጶስ፦ እዚ ጸብጻብ ወዲ ጸብጻብ ዝብሃል ከላም-ፋሪቕ'ዩ። መጀመርያ ወልደንኪኤል ሓሳቡ ክውድእ ዕድል ይወሃቦ። ደሓር ከኣ ክንዛረበሉ ዲና ኣይክንዛረበሉን: ነቲ ሓሳብ ምስ ሰማዕና ንርእዮ።

ፎዝያ ሓሽም፦ እቲ ሓሳብ እኮ ሰሚዕናዮ ኢና። ክንደይ ግዜ ዲና ክንሰምዖ? ዝቕየር ሓሳብ ከኣ ዘሎዎ ኣይመስለንን ወልደንኪኤል።

ሜ.ጀ. ሃይለ ሳሙኤል፦ ወልደንኪኤል እኮ ኣብዚ ምሳና'ዩ ዘሎ። ፎዝያ መሉሱለይ ከኣ ኣይበለን። ንሱ ሓሳቡ ይወድእ ጌና ከም ዛዕባ ክምዝገበሉ'ዩ ዝሓትት ዘሎ። እዚ ኸኣ ኣብ ኣሰራራሓና ሓድሽ ኣገባብ ኣይኮነን። ስለዚ ዕድል ተዋሂቡዎ ሓሳባቱ ይምዝገብ። ሲዒብና ብኸመይ ንሕዞ ኣብ ዛዕባ ምስ ኣተና ንርእዮ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ እስከ በል ተዛረብ፦

ወልደንኪኤል ገበረማርያም፦ ምስቲ ኣቐዲመ ዝገልጽክዎ ብምትሕሓዝ'ውን: ኣብ ጉዳይ ዲፕሎማስያ ኩነታት እንተተመልኪትና'ውን: ኪኖ ምስ ጎረባብትና ምስ ዓበይቲ ሓያላን ሃገራት ዓለምና: ኣብ ዘይምልከተና ጉዳይ ኣብ ምፍጣጥ ምእታውና: በየናይ መንገዲን ኣገባብን ኢና ንምራሕን ንመርሕን ዘለና። ፈጺሙ ክርደኣኒ ስለ ዘይከኣለ: ኣብዘን ዝጠቐስክወን ኣገባባት መብርሂ ክወሃበኒ መታን: ከምዛዕባ ተታሒዘን ክንዛረበን ክምዝገባለይ እየ ዝደሊ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ነዚ ከም ዛዕባ ሒዝና ግዜ ኣይንቐትለሉን ኢና። ጌና ከይትበገስካ ከለኻ ኣበይ ክትበጽሕ ደሊኻ ኣሎኻ ፈሊጠካ ኣለኹ። ንሕና ኸኣ ብዙሕ ዓይነት ስረ ምዝላቕ ስለ ዝረኣና: ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ክንዛረበሉ ኢልና ምራቕና ኣይነንቅጽን ኢና። ካልእ እንተዘይብልኩም ናብ ዛዕባና ክንሓልፍ ኢና፦

ወልደንኪኤል ገብረማርያም፦ ሓሳብና ቀሪቡ ዘይስማዓሉ እንተኾይኑ: ንምንታይ ኣኼባ ንገብር ኣለና? መን'ዩ በዓል ስረ? ወይ ከኣ መን'ዩ ዘይበዓል ስረ ኸኣ ኩላትና ስለ ንፋለጥ: ብዙሕ ዘከራኽር ኣይኮነን። ዘቕረብኩዎ ሓሳብ ተመዝጊቡ ግን ከም ኣሰራርሓና: እቲ ውሳኔ ናብ ኣኼቤኛ ክሰጋገረለይ እየ ዝሓትት ዘለኹ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ዝምዝገብ የለ ዝስረዝ የለ። ወዲኣ ኣለኹ ኣብዚ። ኣነ ምስ ስሪኡም ዘዝለቑ ክንማጎት ጸሓይ ከነዕርብ ኣይኮናን።

ወልደንኪኤል ገበረማርያም፦ እዚ ከላም-ፋሪኾ እዩ!

(ወልደንኪኤል ገበረማርያም) ንተግሳጽን ፈኸራን ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ክጻወር ስለ ዘይከኣለ: ኣኼባ ረጊጹ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ናይ ጎማ ማያት ብኢዱ ሰው ኣቢሉ: ቀሊዑ ናብ ግዳሙ ይኸይድ።

ጀነራል. ስብሓት ኤፍረም፦ ያጀምዓ ነጥቢ ስርዓት እሞ! ዋእ እንታይ ኢኹም ተርእዩና ዘለኹም? ስነ ስርዓት ምግባር ጽቡቕ እዩ። ንሕና ቆልዑ ኣይኮናን። ጸርፍን ታህዲድን ከኣ ዘድሊ ኣይመስለንን። ወዲ ኣፎም ኩሉ ሰብ እኮ ነዛ ሃገር ማዕረ'ዩ ተጋዲሉ። ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ዝሕንገረሉ መንገዲ የለን! ወልደንኪኤል ዝብሎ ዘሎ ኸኣ ሓቂ'ዩ። ይምዝገበሉ እቲ ሓሳብ ከኣ ገዛ ይውስኖ። ከምዚ ዓይነት ምዝልላፍ ግን ዘዋጽእ ኣይኮነን። መስሓቕ ከባብን ጎረባብትን ከይንኸውንን። ብህዝቢ ከይንክዓብን ኢልና እንተዘይኮይኑ: ኩሉ ዝካየድ ዘሎ ጠፊኡና ኣይኮነን። ልዕሊ ኹሉ ሃገር ከይትገማማዕን ሉኡላውነታ ከይድፈርን ስለ ዘገድሰና ኢና: ንጽመም ዘለና ይመስለኒ። ስለዚ ኣገባብ እንተገበርና ጽቡቕ እዩ።

ካሕሳይ ገብረሂወት፦ ከምዚ ዓይነት ናይ ኣኼባ ድፍረት: ግቡእ ዝኾነ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰድ ኣለዎ። እዚ ሕጊ ምጥሓስ ጥራይ ዘይኮነ: ነቲ ብመስዋእቲ ዝተረጋገጸ ሕጊ ምሽክዕላል'ዩ።

ሙስጠፋ ኑርሑሴን፦ ወላሂ ምቅብጣር ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን'ዚ! ወዲ ኣፎም ብሕጊ ጸወታ የለን! እዛ ወልደንኪኤል ዝግበራ ብቐሊል ዝሕለፍ ኣይኮነን።

ሜ.ጀ. ዖመር ሑሴን ጠዊል፦ ጓህሪ ወሲኽኩም እተጥፍእዎ ሓዊ የለን። ወልደንኪኤል ኣይተጋገየን። እቲ ጉዳይ ከኣ ሓሳቡ ተመዝጊቡ: ደጊምና ናብ ኣኼባና ንምልሰሉ ኣገባብ እንተጸረግና ይሓይሽ።

ሜ.ጀ. ሕሙድ ካሪካረ፦ ጫው ጫው ከይበልኩም ወልደንኪኤል: ሓስቡ ክህብ ክምጽእ ኣለዎ! ዝብሎ ሰሚዕና ከኣ ንሕና መልሲ ንህቦ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ኩነታት ኣኼባ ካብቲ ዝለመዶ ልሙድ ኣኼባታት ወጻኢ ንዝኸይድ ዘሎ: ኣኼባ ብኣንክሮ ተዓዚቡ ዘስተብሃሎ ነገር እንተነይሩ: ዳርጋ ዝበዝሑ ኣዘዝቲ ሰራዊት ምስ ወልደንኪኤል ገበረማርያም ዝደናገጹ ከም ዘለዉ ብምስትብሃል: ኣብታ ህሞት እቲኣ ምትራርን ረብሓኡ ዘይምኻና ብምርዳእ: ጉዳይ ንምጥምዛዝ ኣኼባ ክቕጽል ምኻኑ ኣብርሀ።

ሜ.ጀ. ፊሊጶስ፦ ወልደንኪኤል ኣትዩ እንተቐጸልና ዝሓይሽ ይመስለኒ

(ድሕሪ'ዚ ነዊሕ ሱር ዝሰደደ ምስሕሓብን ግርጭትን: ብሓቤሬታ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም: ናብ ወልደንኪኤል ገበረማርያም ዝያዳ ቅርበትን ዕርክነትን ኣለዎ ዝተባህለ ሰብ ተመሪጹ ሒዝዎ ክምለስ: ካብ ዝብል ድልየት ሚኒስተር ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን ተስፋይ ገበረስላሴ: ሒዝዎ ክመጽእ ተላኢኹ። ከይዱ ስለ ዘይሰለጠ ናብ ቦታ ኣኼባ ንበይኑ ገፊፍ እናበለ ይምለስ።)

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ እንታይ ድኣ ንበይንኻ መጺእካ?

ተስፋይ ገበረስላሴ፦ ዋላ እንተለመንኩዎ ኣብዩኒ መኪናኡ ሒዙ ከይዱ'ዩ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ እሞ እንታይ ክትገብር ድኣ ንበይንኻ ትመጽእ ኪድ ውጻእ! ውጻእ ያላ ውጻእ!

ተስፋይ ገበረስላሴ፦ ዋእ እሞ እንታይ ዘይገበርኩዎ ኣብዩኒ እዩ እኮ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ባዕልኻ ፍለጥ! ውጻእ ጥራይ ሕጂ ውጻእ!

ሜ.ጀ. ዖመር ሑሴን ጠዊል፦ ነጥቢ ስርዓት ነጥቢ ስርዓት'ሞ! ኣብ'ዚኣ እንታይ ኢኻ ባዕልኻ ዝፈጠርካዮ ሽግር: ናብ ካልኦት ኣላጊብካ: ከተሳቢቦም ትደሊ ንምንታይ ይወጽእ? እዚ ኣኼባ'ዚ እኮ ንኹላትና ብማዕረ ዝምልከት'ምበር: እከለን እከለን ተባሂሉ ሌላን ጉሌላን ዝግበሮ ኣይኮነን። ሕጂ ኸኣ ቺና ዘውጽእ የብሉን።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ዓፋፍ ነፋጥ !

(ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ሕርቃኑ ክጻወር ስለ ዘይከኣለ: በቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ማይ ሰሓ፡ ጎማ ዝመልአ ማይ ገይሩ ወርዊሩ እንተሓደገ ንሜጀር ጀነራል ዖመር ሑሴን ጠዊል ኣብ ገጹ ይዘብጦ።

ሜ.ጀ. ዖመር ሑሴን ጠዊል፦ (ብጊዲኡ ማይ ሰሓ ናብ ኢሰያስ ክውርውር ክደሊ ኸሎ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ) ብኢዱ ይሕዞ'ሞ: ሜጀር ጀነራል ዖመር ሑሴን ጠዊል ክተሃራረም ወጠጥ ይብል። ፕረዚደንት ኢሰያስ'ውን ልክዕ ከምኡ ኣይትሓዙኒ ይብል።) ኣኼባ ኸኣ ሃንደበት ንግዚኡ ንዕረፍቲ ይቛረጽ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣኼባ ዳግማይ ይጽዋዕ፦

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ኣኼባና ክንቕጽል ኢና ከምቲ ኣቐዲመ ሓቢረዮ ዝነበርኩ: ናብቲ ዛዕባታት ክሰግር፦

(ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኩሉ መደባቱን ዛዕባታቱን ተዛሪቡ ምስ ወደአ) ዕድል ናብ ተጋባእቲ ምስ ተመሓላለፈ፦

ሜ.ጀ. ፊሊጶስ፦ ቅድሚኡ ግን ኣብዚኣ ኣነ ዘይተነጸረ ኣለኒ'ሞ: ከም ዛዕባ ተታሒዙ ክዝረበሉ'የ ደልየ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ጽቡቕ ሕራይ ሓሳብካ ኣቕርብ

ሜ.ጀ. ፊሊጶስ፦ እወ ከም ኣሰራርሓ ኩላትና: በብቲ ተሰኪምናዮ ዘለና ናይ ሓላፍነት ጽፍሒ: ጸብጻባትና ሚኒስተራት ብመንገዶም ተሓታትነቶም: ናብ ፕረዚደንት እዩ። ኣመሓደርቲ'ውን ልክዕ ከምኡ እዞም ዘለና ኣዘዝቲ ስሪሒታት'ውን: ብዘይካ እቲ ናብ ሚኒስትሪ ምክልኻል እነሕልፎ ጸብጻባትና: ብቐጥታ ተሓታትነትና ናብ ፕረዚደንት ክነሱ: ኣብዚ ኣኼባ ዘለና ሓለፍቲ ተኣማንነትና ስለ ዝጎደለ ዲዩ ውላ ብቅዓትና ስለ ዝተሓተ? ቅድሚ ናብ ፕረዚደንት ኢሰያስ እነቕርቦ ጸብጻባትና: ናብ ዓሊ ከቕርብ እንግደደሉ ዘለና: ምኽንያት ንዓይ ብሩህ ኣይኮነን? ንምንታይ ንሕና ብደረጃን ብዓቕምን ካባና ብዝተሓተ ሰባትን: ጸብጻብና ከነቕርብ እንግደድን እንምዘንን? ስለ ዘይበርሃለይ ጥራይ ዘይኮን: ግቡእ'ውን ስለ ዘይኮነ: እዚ ኣገባብ'ዚ መስመሩ ሒዙ ክመሓየሽ: ከም ዛዕባ ተታሒዙ ክዝረበሉ'የ ደልየ። ኣነ ብወገነይ ፍትዉ ጽልኡ ጸብጻበይ ናብ ዓሊ ከቕርብ ኣይወሓጠለይን'ዩ።

ኣምና ኑርሑሼን፦ መደባት በቲ ዝተታሕዝዎ ኢዮም ጸብጻባት ክቐርቡ ዘለዎም: እዚ ኸኣ መምርሒ ክሳብ ዝኾነ ዘዛርብ ኣይመስለንን።
ፕረዚደንት ኢሰያስ፦ ደሓን ደጊምና ክንዛረበሉ ስለ ንኽእል: ሕጂ'ሞ ንዕረፍቲ ንሻሂ ንኺድ ኣብ ዝቕጽል ኣስፈሕና ንዛረበሉ፦
(ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ከም መህደሚ ዕረፍቲ ንሻሂ ኢሉ ሞሊቑ ምስ ወጸ: ኣኼባ ተዛዚሙ ተባሂሉ: ኩላ ሰብ ነናብ ቦትኡ ከም ትሰናበት ኮይና: ኣኼባ ብዘይ ፍረ ተበቲኑ)

*ይቕጽል*

ውሕሉል ፈዳይ ንጉስ